Tigrinja

# ናብ ህጹጽ ሕክምና ቈልዑ ብደሓን ምጹ



Sachsska barn- och ungdomssjukhuset

SÖS SÖDERSJUKHUSET

# ኣብ ህጹጽ ሕክምና ቌልዑ እቲ መስርሕ ከም’ዚ እዩ

302

ተርታ ወይ ሪጋ ዘመልክት ትኬት ምሓዝ

በታ ነርስ ዝግበር ቀዳማዊ ገምጋም

INSKRIVNINGEN

> ኣድላዩ ምስ ዝኸውን ከም መተካእታ-ፈሳሲ፡ መዝሓሊ ረስኒ፡ መህድኢ ቃንዛ ዝኣመሰሉ ክንክናት ክወሃቡ ይኽእሉ እዮም።

> ኣብ’ዚ ቀዳማዊ ገምጋም ናብ ካልእ ሆስፒታል፡ ናብ ከባብያዊ ህጹጽ ሕክምና ወይ ምኽሪ ተቐቢልኪ ናብ ገዛ ምኻድ ዝብል ምኽሪ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ኣብ’ታ ክፍሊት ትቕበል ኬድካ ምኽፋል

> መብዛሕቱ ግዜ ድሕሪ ቀዳማዊ ገምጋም ከም መጠን ብዝሒ ናይ’ቲ ሰብ ምጽባይ ኣሎ’ዩ።ነቶም ህይወቶም ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት ዝርከቡ ሰባት ቀዳምነት ይወሃቦም።

ምስ ጉጅለ ክንክን-ጥዕና ምርኻብ

ምርመራ ምውሳድ ንኣብነት ናይ ሽንቲ፡ ራጂ(ኤክስሬይ)፡ ኡልትራ-ሳውንድ

> ክሳብ ምርመራ ዝውሰድ ወይ ራጂ ዝግበር ዝኾነ ግዜ ክወስድ ይኽእል እዩ።ድሕሪኡ’ውን መልሲ ክሳብ ዝመጽእ ምጽባይ ኣሎ።

ካብ’ታ ጉጅለ ክንክን-ጥዕና ናይ ዝተወሰደ ምርመራ መልሲ ምርካብ

ግምገማ ናይ’ቲ ተጀሚሩ ዘሎ ሕክምና

ሕክምና ወይ ምኽሪ ይወሃብ

ናብ ካልእ ሆስፒታል ምኻድ

ናብ ገዛ ምኻድ

ኣብ ክፍሊ ክንክን-ጥዕና ቌልዑ ምድቃስ

# ቀዳማዊ ገምጋም እንታይ ማለት እዩ?

ባዕልኻ ወይ ወላዲኻ መጀመርያ ከመዝገበካ ከሎ ኩነታት ጥዕናኻ ከመይ ከም ዘሎን እንታይ ከም ዘጋጠመን ነታ ነርስ ትሕብርዋ።እታ ነርስ ካብ'ቲ ምሳኹም ዝገበረቶ ዝርርብ ተበጊሳን ኣጽኒዓን ኣብ'ዚ እዋን ከመይ ከም ዘለኻ ሓደ ሓፈሻዊ ገምጋም ትወስድ። ካብ'ዚ ሓፈሻዊ ገምጋም ብምብጋስ ድማ ናብ'ቲ ዝምልከቶ ጒጅለ ትውዝዓኻ።እንዳ ተጸበኻ ከለኻ ኩነታት ጥዕናኻ ምስ ዝብእስ ወይ ዝገድድ፡ነቶም ኣባላት ሕክምና ክትሕብሮም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ'ዚ ታሕቲ ሒደት ካብ'ቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ጒጅለታት ዝርከቡ ምልክታት-ሕማም ተመልኪቶም ኣለዉ፤

## ብቐዳምነት እቶም ጽንኩር ዝሓመሙ

ኣብ ህጹጽ ሕክምና ቈልዑ ኩሉ ግዜ ነቶም ኣብ ከቢድን ንህይወት ኣስጋኢ ኣብ ዝኾነ ኩነታትን ዝርከቡ ኢና ብመጀመርያ ንርእዮም።ኣብ ዝኾነ ሰዓት ኣዝዮም ዝተጻዕሩ ወይ ዝተጎድኡ ሰባት እዉን ክመጹና ስለ ዝኽእሉ ግድን ቀዳምነት ክንህቦም ኣለና።

## 1ይ ጒጅለ

ኩነታትካ ንህይወትካ ኣስጋኢ ምስ ዝኸውን ሕክምና ብቐጥታ ይወሃበካ።
ኣብነታት ምልክታት-ሕማም ናይ'ዚ፤

- ምሽምቓቕ ጭዋዳ ምንፍር(ኤፒሌፕሲ)
- ሃለዋትካ ምስ ተጥፍእ ንኣብነት ሕማም
- ምቊጽጻር ዘሸግር መድመይቲ

## 2ይ ጒጅለ

ኣብ'ዚ ጒጅለ'ዚ ትጽበየሉ እዋን ብመጠኑ ሕጽር ዝበለ'ዩ። ኣብነታት ምልክት-ሕማም፤

- ሕጽረት ምስትንፋስ
- ምረዛ
- ሰብ ምሳኻ ርክብ ክፈጥር ምስ ዘሸግሮ፡መድሃኒት ወላ እንተ ተወስደ ምስ ዘይሕግዝ

## 3ይ ጒጅለ

ኣብ'ዛ ጒጅለ እዚኣ ናይ'ቶም ሕሙማን ኩነታት ቀሊል እኳ እንተ ዘይኾነ ንህይወት ግን ኣስጋኢ ኣይኮነን። ትጽበየሉ እዋን ንውሕ ዝበለ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብነታት ምልክት-ሕማም፤

- ሓዳሪ ሕማም ምስ ዝህልወካ
- ቅልል ዝበሉ መስበርትታት
- ቅርጸት ከብዲ/ተምላሳት

## 4ይ ጒጅለ

ኣብ'ዛ ጒጅለ እዚኣ ቀሊል መኽሳእቲ(ሕማም) ዘለዎም ቈልዑ ይህልዉ።
ትጽበየሉ እዋን ነዊሕ ክኸውን ይኽእል እዩ።
ኣብነታት ምልክት-ሕማም፤

- ጒንፋዕ
- መቊሰልቲ

**ኣይትዘንግዕ!**

ካብ'ቲ ህጹጽ ሕክምና ቈልዑ ክትኸይድ እንተ ሓሲብካ ነታ ነርስ/ሓጋዚት ነርስ ምሕባር ከድልየካ'ዩ።

## ፋርማቻ

**1. ኣብ ቀንዲ መእተዊት ማዕጾ ደርከብ** — 4 ደቓይቕ

ሰኑይ-ዓርቢ 8-18 ቀዳም 10-16 ሰንበት 12-16 — 7 ደቓይቕ

**2. Krukmakargatan 13** — 15 ደቓይቕ

ሰኑይ-ሰንበት 8-22

**3. Klarabergsgatan 64** — 15 ደቓይቕ

መዓልቲ መዓልቲ ን24 ሰዓታት ክፉት እዩ

## እንዳ ዱካን

**ኣብ ቀንዲ መእተዊት ማዕጾ ደርከብ** — 3-4 ደቓይቕ

ሰኑይ-ዓርቢ 6:30-21:30 ቀዳም -ሰንበት 9-19

## ቤት-መግቢ

4 ደቓይቕ

**Bistro A, ኣብ ቀንዲ መእተዊት ማዕጾ ደርከብ**

ሰኑይ-ሓሙስ 8-16 ዓርቢ 8-15 ቀዳም -ሰንበት 11-16

## ቤት-ንባብ

4 ደቓይቕ

**ኣብ ጎኒ እታ 1ይቲ መደየቢት ጥቓ ቀንዲ መእተዊት ማዕጾ ደርከብ**

ሰኑይ-ሓሙስ 9-17 ዓርቢ 9-16 ቀዳም 12-16 ሰንበት ዕጹው እዩ

## መዕሸጊ መኪና

**ኮድ: 50102, ጋራጅ 50101 EasyPark / Appcoa Flow**

**ኣንፈት!**

**ኣብ ኩባንያ መድህን ናትካ መጒዳእቲ/ሕማም ከተመልክት ከም ዘለካ ኣይትረስዓዮ።እቲ መድህን ክንደይ ከም ዝትከኣካ እዉን ረአዮ።**

# ዝውቱራት ሕቶታት ኣብ መጸበዩ ክፍሊ

## 1. ቀዳማዊ ገምጋም ምስ ተገብረ ካብ'ቲ ህጹጽ ሕክምና ቌልዑ ክኸይድ እኽእል'ዶ?

ኣብ ዝኾነ እዋን ናብ ምድሪ-ቤት ክኸየድ ይከኣል'ዩ።ሪጋኻ እንተ ኣኺሉ ክንጽበየካ ንኽእል ኢና። ገለ ክትበልዕ ወይ ክትገብር ምስ ትደሊ ነታ ነርስ/ሓጋዚት ነርስ ጥራሕ ተወከሳ ደኣ። ክሳብ ኣበይ ከም ዘለኻ ዝፈለጥና ጸገም የብሉን።

## 2. ክንደይ እዋን ክጽበ ከም ዘለኒ ስለምንታይ እዩ ዘይንገረኒ?

ክንደይ እዋን ክትጽበ ከም ዘለካ ክትፈልጥ ከም ትደሊ ይርደኣና'ዩ።ይኹን ደኣ'ምበር ኣብ ህጹጽ ሕክምና ዘይተጸበኻዮ ብዙሕ ነገራት እዩ ዘጋጥም።ቀዳምነት ክወሃቦም ዘለዎም ኣምቡላንሳትን ኣዝዮም ዝሓመሙ ቌልዑን ሃንደበት ይመጹና እዮም።በዚ ምኽንያት እዩ ኣብ ሓጺር ግዜ እቲ ትጽበየሉ እዋን ኣዝዩ ክናዋሕ ዝኽእል።

## 3. ስለምንታይ እዮም ገሊኦም ቌልዑ ቅድመይ ዝግልገሉ?

ሓደ ሓደ ግዜ እቶም ዝያዳ ሓሚሞም ዘለዉ ወይ ድማ ተላባዒ ሕማም ወይ ሕማም ርእሲ ዘለዎም ካብ'ቶም ካልኦት ቌልዑ ክንፈልዮም ስለ ዘለና ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ሓኪም ቀልጢፎም ክረኽቡ እዮም ማለት ግን ኣይኮነን፣እንታይ'ደኣ ፉሉይ ዝጽበዩሉ ቦታ ይወሃቦም ማለት'ዩ።

**ብቐዳምነት እቶም ጽንኩር ዝሓመሙ**

ኣብ ህጹጽ ሕክምና ቌልዑ ኲሉ ግዜ ነቶም ኣዝዮም ብጹንኩር ዝሓመሙን ህይወቶም ኣብ ኣስጋኢ ኲነታት ትርከብን ኢና ብቐዳምነት ንረድኦም።

## 4. ኲነታተይ ምስ ዝገድድ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

እንዳ ተጸበኻ ከለኻ ኲነታትካ ምስ ዝገድድ ነቶም ኣባላት ሕክምና ክትውከሶም ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ዝተፈላለዩ ምርመራታት ኣብ'ዚ ብኸመይ ከም ዝካየዱ ክትፈልጥ እንተ ደሊኻ በታ ሞቢልካ ገይርካ ነዛ ኮድ ስካን ግበራ (ዳህስሳ)፧

# ኣብ ትጽበየሉ እዋን


ነጻ ዋይፋይ

ስለ'ቲ ነጸቤካ ዘለና ይቕሬታ እንዳ ሓተትና ኣይትጨነቕ ግን - ኣይረሳዕናካን።

## ነቲ ምጽባይ ንኽትጻወሮ ኣብ'ዚ ታሕቲ ሒደት እማመታት ኣለዋና።


### 1. 10 ሕቶታት (ናይ ምግማት ጸወታ)

ሓደ ካብ'ቶም ጒጅለ ንሓደ ውሩይ ሰብ፡ ወይ ሃገር ወይ እንስሳ ይሓስብ ...
እቶም ዝተረፉ ድማ እቲ ሰብ እንታይ ከም ዝሓሰብ ንኽፈልጡ እወ/ኣይፋሉን ዝመልሱ 10 ሕቶታት ይሓትዎ!




### 2. ሰንሰለት ቃላታት

መጀመርያ ሓደ ምድብ ምረጽ፣ ንኣብነት መደበ እንስሳ።
ሓደ ካብ'ቶም ተጻወቲ ስም ሓንቲ እንስሳ ይጠቅስ፡ እቲ ድሕሪኡ ዘሎ ተጻዋታይ ድማ በታ ናይ መጨረሽታ ፊደል ናይ'ታ ኣቐዲማ ዝተጠቕሰት ስም እንስሳ ካልእ ስም እንስሳ ይሰምይ።ሓደ ካብ'ቶም ተጻወቲ ብኸምዚ ኣገባብ ስም እንስሳ ክሰሚ እንተ ዘይክኢሉ ካብ'ቲ ጸወታ ይውገድ!




### 3. መጽሓፍ ምንባብ

ኣብ ቤት-ንባብ ሰደር ሆስፒታል(Sös) ንዓበይትን ንኣሸቱን ዝኾኑ መጽሓፍቲ ኣለዉ። ብተወሳኺ ኣውድዮ (ብድምጺ) መጽሓፍትን ዲቪዲ ገይርካ ትርእዮም ፊልምታትን ምልቃሕ ይከኣል እዩ።ገለ ንዓኻ ዝኸውን ክህሉ ስለ ዝኽእል ናብኡ ገጽካ ኣላግስ ኢኻ!

# መሰላትካ ኣብ ሆስፒታል ቈልዑን መንእሰያትን ሳክስካ




## ኣብ'ዚ ሆስፒታል መሰላት ከም ዘለካ ትፈልጥ'ዶ? ኣብ'ዚ ብናይ ሕቡራት ሃገራት ውዕል መሰላት ቈልዑ ተመሪሕና ኢና ንሰርሕ።

ኲሉ ነገራት ንዓኻ ጽቡቕ መታን ክኾነልካ፡ ንስኻን ወለድኻን ነዚ ውዕል መሰላት ቈልዑ ክትፈልጥዎ ኣገዳሲ እዩ። ውዕል መሰላት ቈልዑ 54 ዓናቕጽ ኣለዎ። ካብ'ዚኣቶም እቶም 4 ዝያዳ ኣገደስቲ እዮም። እዚ ውዕል'ዚ ግን ኣብ ሆስፒታል ቈልዑን መንእሰያትን ሳክስካ እንታይ ትርጒም ኣለዎ?

## 2ይ ዓንቀጽ፤ ኩሎም ቈልዑ ሓደ ዓይነት መሰላትን ማዕረ ክብርን ኣለዎም።

ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ሆስፒታል ንስኻ ምስ ትሓምም ሓገዝ ንኽትረክብ ማዕረ ከም ካልኦት መሰል ኣለካ።

## 3ይ ዓንቀጽ፤ ንቈልዓ ኣብ ዝምልከት ዝግበር ኩሉ ውሳነታት ረብሓ ቈልዓ ኣብ ግምት ዘእቱ ክኸውን ኣለዎ።

ንሕና ሓገዝ ክንህበካ ከለና እቲ ቀንዲ ዋና ሰብ ንስኻ ኢኻ።እቲ ንሕና ንገብሮ ንዝበለጸ ረብሓኻን ብዝተኻእለ ጽቡቕ ንኽትህሉ ዝዓለመን ክኸውን ኣለዎ።

## 6ይ ዓንቀጽ፤ ኩሎም ቈልዑ መሰል ናይ ህይወትን ዕብየትን ኣለዎም።

ኣብ ሆስፒታል ኣብ ዘለኻሉ ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት መዛኑኻ ክትምዕብልን ክትጻወትን ፍልጠት ክትቐስምን መሰል ኣለካ።

## ዓንቐጽ 12፤ ኩሎም ቈልዑ ርኢቶኦም ክህቡን ክኽበረሎምን መሰል ኣለዎም።

እቶም ኣባላት ሕክምና እንታይ ይብሉ ከም ዘለዉ ክርደኣካን ኣብ'ቲ ሆስፒታል እንታይ ይካየድ ከም ዘሎ ክትፈልጥን ኩሉ ግዜ መሰለ ኣለካ።
ኣብ'ቲ ሆስፒታል ዘለና ንዓኻ ንምሕጋዝ ሰለ ዝኾነ፡ ርኢቶኻን ሓሳባትካን እንታይ ምዃኑ ክንሰምዕ ንደሊ።

## ተሓላቒ መሰላት ቈልዑ

ኣብ ሆስፒታል ቈልዑን መንእሰያትን ሳክስካ ኣብ ዝርከቡ ክሊኒካትን ክፍልታትን ኣረኣእያን ተሳትፎን ቈልዑን መንእሰያትን ዝከላኸሉ ብዙሓት ተሓለቕቲ መሰላት ቈልዑ ኣለዉ።እዞም ተሓለቕቲ ናይ ቈልዑን መንእሰያትን መሰላት ይሰዓቡ ከም ዘለዉ የረጋግጹ።